ሚኒስተር/ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ

***ፍርቂ ዕድመይ ዝተቓለስኩሉ ገድሊ ርእይቶይ ብነጻ ክቕርብ ዘይክእለሉ ስርዓት ንምትካል ኣይነበረን ኢለ ስነዝኣምን'የ***

መሬት ኤርትራ መኽዘን ጀግንነትን ቅያታትን እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ሰረት እዚ ውሑድ ዝመወጻድርቱ ጅግነት ግን ካልእ ዘይኮነስ እቲ ንጉዳይ ሃገሩ ክብል ኣብ ውዕዩን ዝሑልን ዝጥበስን ንፍትሕን ናጽነትን ደሙ ዝዛረይን ሓፋሽ ህዝቢ እዩ። ከምዚ ስለዝኮነ ድማ'ዩ ካብ ምሓውሩ ዝወጹ ጀጋኑ ደቁ ሰረት ጀግንነት ኣቦዋቶም ብምክታል ነቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ቃልሲ ንናጽነት ናህሩ ከምዝውስኽ ጌሮም፡ ህዝቢ መሬታዊ ሓርነቱ ኸረጋግጽ ኣብ ምምራሕ ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ። እዞም ደቂ ህዝቢ ጀጋኑ ግን ከም ማና ካብ ሰማይ ንህዝቢ ኤርትራ ንክመርሕዎ ዝመጹ ኣይኮኑን። እንታይ ድኣ፡ ካብ ኣበዋት ወሪሶሞም፡ብሓፋሽ ህዝቢ ተኣልዮም፡ ህዝቢ ኣምሂርዎም፡ ህዝቢ ኮስኹሱ ኣገልገልቱ ንክኾኑ ዓሊሙ፡ ሓብሒቡ ዘዕበዮም ደቁ ስለዝኮኑ እምበር። እንክጋገዮ ዓገብ ኢሉ ዝመክር። ጽቡቅ እንክገብሩ ኣገናዕ ኢሉ ዘሞግስ። ኣስተውዒሉ፡ ኣመዛዚኑ ዝፈርድ ህዝቢ ሰረት እዚኩሉ ጀግንነት እዩ።

እዚ ክቡር ባህሊ ዓቂቡ ንጽነት ዘውሓሰ ህዝቢ፡እንታይ ሕማቅ ስራይ ሰርይዎ ድኣ ነቶም ፍትሒ ይንገስ፡ ቅዋም ይተኸል፡ መሰል ይተሓለውን ልዕልና ሕጊ ይከበር ዝበሉ ደቁ ዝጠለመ?

ታሪኽ ገድሊ ብዘይ እዞም ሕጂ ኣበይ ከምዝሰፈሩን ድሃይ ህላዊኦምን ዘይፍለጥ ጀጋኑና ከመይ ክመስል'ዩ? መዛግብቲ ታሪኽና'ሞ ንገንጽል፡ እሶም ዘይብሉ ቅያ፡ እሶም ዘይበሉ ምርብራብ፡ እሶም ዘይብሉ ፍቅርን ሰብእነትዶ ኣሎ'ዩ? ዝበዝሓ ክፋል ዕድሚኦም ምስ ተመንን ጠበቅን ዘሕለፍዎ ጻሓይና ንክበርቀልና'ዶ ኣይኮነን? ናጽነት ክንጭብጥ'ዶ ኣይኮነን? እዚኦምዶ ድኣ ከደዓት፡ንሃገር የሕሊፎም ክህብዋ ወጢኖም ተባሂሎም ብዘይፍርዲ ምስተዳጎኑ? ተዳጉኖም፡ ተረሲዖም፡ ታሪኽ ጀግንነቶም ካብ ማህደር ተደሚሲሱስ ክንቀስን? ኣይፋልናን።

ኣብ መሰንገለ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፍትሕን መሰልን ዝመለለይኦም ጀጋኑ እዮም ዝሕግሓጉ። ኣብ ኣቦዋቶም ዝወረስዎ ጅግንነት ስለዝኾነ ድማ ንፍትሒ ዋላ ኣብቲ ዝጸንከረ ረብሓን ስስዐ ስልጣንን ዝዓንኼልዎ ቃልሲ ንፍትሒ ከይተረፈ'ዮም ደው ዝብሉ። ኣካያይዳና ነዐርይ፡ ትካላዊ ኣሰራርሓ ንከተልን ሓድነት ህዝብና ሓሊና ተላዚብና ንስራሕ ዝበሉ ድማ ዝወረስዎ ባህሊ ስለዝኾነ'ዩ። ቁጽሪ እዞም ኣወንታዊ ለውጢ ዝጠለቡ ሓርበኛታት ብዙሕ እዩ፡ ሕጂ ክትረኽሉ ተቀሪቡ ዘሎ ጀግና ጀጋኑ ሚኒስተር/ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ'ዩ።

ዑቕበ ኣብርሃ መን እዩ?

ሃገራዊ ስሚዒቱ፡ ብንእሱ እንከሎ ኣብቶም ኣብ 'ማሕበር ኤርትራ ንኤርትራውያን' ዝዋስኡ ዝነበሩ ኣቡኡ ኣቶ ኣብርሃ'ዩ ወሪስዎ። ከምዚ ስለዝኾነ'ዩ ድማ ምስቶም ኣብ ከባቢኡ ምስ ገድሊ ዝተሓባበሩ ዝነበሩ ተጸምቢሩ ክዋሳእ ዝጀመረ። እዚ

ጀግንነታዊ ስርሓት ንትምህርቲ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ምስከደውን ኣየቛረጸን፡ እኳድኣ ምስቶም ኣብቲ እዋን ምስ ህ.ሓ.ኤ. ዝተሓባበሩ ዝነበሩ ሰውራውያን ባእታት ኾይኑ ክሰርሕ ዝጀመረ። ኣይጸንሐን ዝነበሮ ሃገራዊ ስምዒት ገንፊሉ ብ1972 ዓ.ም ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከምዝስለፍ ጌርዎ።

ጀነራል ዑቕበ ክሳብ 1974 ዓ.ም ከም ተራ-ተጋዳላይ ኣብ ሓይልታትን ኣብ ናይ ፊዳይን ጉጅለን ኮይኑ ክቃለስ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ክፍሊ ዕቃበ ብረት (ኤምዳድ) ተሳሒበ። ኮሚሽነር ክፍሊ ኤምዳድ ኮይኑ ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን እቲ ክፍሊ ሚስጢራውን፡ ብርቱዕ ጻዕርን ጉልበትን ዝሓትት ብምንባሩ ለይትን መዓልትን ብዘይዕረፍቲ ነዚ ዕማም ንምስልሳል ዝበቅዑ ካድራት ዝመልመለን ኣብነት ብምኳን ዝመርሐን ተጋዳላይ እዩ።

መርኣያ ሕርኩትነትን፡ ዘይጻዓድ ወኒ ጀነራል ዑቕበ ኣብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ፓለቲካዎ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ ምምራጹ'ዩ። ቀጺሉ ኣባል ወተሃደራዊ ሽማግለ ኮይኑ ኣብቲ ኣብ 1977 ዓ.ም ንምሕራር ከተማታት ዝተገብሩ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብምምራሕ ልዑል ተራ ካብ ዝተጻወቱ ወተሃደራዊ ሓለፍቲ እዩ።

ኅይታ ብጻይነትን፡ ኣቦ ሓልዮትን፡ መምህር ጀግንነት እዩ፡ ጀነራል ዑቕበ። እዚ ግን ንቀልዓለም ዝተባህለ ኣይኮነን። ታሪኽ እቲ ስፊሕን ጽንኩር ኪሊማ ዘለዎ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ምውካስ ይካኣል። ስንብራት ጀግንነቱ ኣብኡ ኣብቲ ኣኻውሕን ኅዳጉድን'ቲ ግንባር ኣሎ። ወይውን ነቶም ኣብቲ ግንባር ብፍቕሪ ጀነራል ዑቕበ ሚሚቆም፡ ጀግንነቱ ወሪሶም ነቲ ዓርሞሸሽ ሰራዊት ደርግ ደማሲሶም ነዛ ብርሃን ክርእዩ ዕድል ዝገበሩ ጀጋኑ ቀደም ህያው ምስክር እዮም'ሞ፡ ብዛዕባ ጀነራል ንኽዕሉልና ምውካስ ይካኣል እዩ።

መርከብ ተዘክሮና'ሞ ንድሕሪት ናብቲ ግዜ ተደራራቢ ወራራት ንምለሶ። 3ይ፡ 4ይ፡ 5ይ፡ 6ይ ወራራት ብሕልናና ንስኣሎም። ንህላዌን ቀጻልነትን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ወሰንቲ ዝነበሩ ወራራት እኾ እዮም። ን6 ዓመታት ዝኣክል ካብ 1978ዓ.ም ክሳብ 1984ዓ.ም. ብዘይምቑራጽ ምርብራብ ዝተገበረሉ ግንባር እኮዩ፡ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል። ኣብ ማእከል'ዚ ጀግንነታዊ ተዘክሮ ስእሊ ጅግና ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ከም ጻሓይ ብራቕ በርሃው ኢሉ'ዩ ዝራአየካ። ነቲ ብ "ውቃው-እዝ" ዝፍለጥ ዓቢ ግንባር ክሳብ ተበግሶ ተወሲዱ ዝድምሰስ፡ ከም ኣዛዚ ናይዚ ግንባር ኮይኑ ብልዑል ተወፋይነትን ወተሃደራዊ ብቕዓትን መሪሕ-ተራን ተጋዲሉ እዩ። ጀነራል ዑቅበ ኣብርሃን ቅያትት ኣውገት፡ ማይሂመት፡ ማርሳ ተኸላይ፡ ማርሳ ጉልቡብን ኻልኦትን ካብ ተዘኽሮና ኣይሃሰሱን። ኣይክሃሱን ድማዮም።

ጀነራል ዑቕበ፡ ኣብ 1987 ዓ.ም ዝተገብረ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ፓቲካዎ ቤት ጽሕፈት ኮይኑ እንደገና ተመሪጹ። ብደረጃ ሓላፊ ኮሚሽን-ቁጠባ ብምኳን ድማ ክሳብ ግዜ ናጽነት ብልዑል ሓላፍነትን ብመሪሕ ተራን ተጋዲሉ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ተዋሂብዎ ዝነበረ ስራሕን ሓላፍነትን፡ ከም ወተሃደራዊ ኪኢላ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ስሩ ንምምሓው ኣብ ዝተኻየደ ደምዳሚ ውግእ'ውን ብሸነኽ ግንባር ደቀምሓረ ምስ'ቶም ነቲ ኹናት ዝመርሑን ዘወሃህዱን ዝነበሩ ኾይኑ መሪሕ ተራን ኣበርክቶን ካብ ዝነበሮም ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ሓደ እዩ።

ድሕሪ ናጽነት ብ1994ዓ.ም ኣብ ዝተኻየደ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ'ውን ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ኣባል ሃገረዊ ባይቶ ኤርትራን ኮይኑ ተመሪጹ። ቀጺሉ ናይቲ ዳርጋ ብሓድሽ ዝቖውም ዝነበረ ምኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን ብደረጃ ሚኒስተር ኾይኑ ንቁሩብ ግዜ ክሰርሕ  ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን እንደገና ብደረጃ ሚኒስተር ተመዲቡ። መርኣያ ውሕልነትን ተዓጻጻፍነትን ጀነራል ዑቕበ፡ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ነቲ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ኪቆጻጸር ናይ (ኢንስፐክሽን) ጉጅለ መሪሑ ናብ ግንባራት ኪዘውር ብኣቶ ኢሰያስ ምሕባሩ'ዩ። ዝተዋህቦ መምርሕን መደብ ስራሕን ተግቢሩ ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራቡ ድማ ናብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ከምዝቅየር ዝተገብረ።

ክሳብ 2ይ ወራር ዝውዳእ፡ ንሎጂስቲክስን፡ ምምሕዳራዊ ስርሓትን ሕክምናዊ ኣገልገሎትን ዝምልከቱ ዕማማት ሚኒስትሪ ምክልካል ብጽፉፉ ሰሪሑ። ብተወሳኺውን ተሓጋጋዚን የማናይ ኢድን ምኒስተር ምኽልኻል ብምዃን እጃሙ ዘበርከተ ጀግና ተጋዳላይ እዩ። ድሕሪ'ዚ ድማ'ዩ ኣብ ወርሒ 7 1999 ዓ.ም ሙሉእ ናይ ጀነራልነት መዓርግ ተዋሂብዎ፡ ሓለቓ ጠቕላሊ እስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኮይኑ ዝተሸይመ። ጽፈት ኣሰራርሕኡን፡ ተዓጻጻፍነቱን ስለዝራኣየ ከኣ'ዩ ኣቶ ኢሰያስ ኣብቲ ዘይግቡኦ ናይ ካቢነ ሚኒስተራት ኣኼባ ክሳተፍ ዝጸወዮ።

ጀነራል ዑቕበ፡ ኣብ ልዕሊ ወታሃደራዊ ጀግንነቱን ምሕሕዳራዊ ብቅዓቱን ተወሳኺ ተውህቦታት ኔሮዎ። ክእረሙ ኣለዎም ዝብሎም ናይ ኣሰራርሓ ጌጋታት ንኽእረሙ ካብ ምጽዓርን ምሕባርን ዓዲ ዊዒሉ ኣይፈልጥን። እዞም ጉሉጹነትን ቅንዕናን ዝመለለይኦም ጠባያት  ግን ንጀነራል ጽብቅ ኣይፈደይዎን። ምዃን እሶም እንታይ ዘይገበሩ፡ ሕማቕ ዝፈደይዎስ እቶም ድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ኽሓምዩን ተሓቢኦም ዘጉረምሩምን ዝነበሩ ብጸትን፡ እቲ  ተገሪሁ ብሃውሪ ዝወገነን ሓፋሽ እምበር።

ጀነራል ዑቕበ፡ ረብሓ ህዝቢ ስለዘቀደመን ናይ ዓመታት ገድሉ ራኢ ስለዝነበሮን፡ ከምቶም ኻልኦት ሚኒስተራት ዝንቡዕ ኣካይዳ መንግስቲ እንዳራኣየ ኣየጽቀጠን። ከምቶም ወላ ሓንቲ ሃንፍ ከምዘየለን፡ ነቲ ኽእረምን ኽታኣታቶ ዝግብኦ ባእታታት ከምዘለው እንዳፈለጡ ደፊኖም ጸብጻብ ዘቕረቡ ሓለፍቲ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ኣየቅረበን። ዝደፈኑ ደፊኖም ንሃገርና ኩነታታን ከም ኣብ ልኡም ባህሪ ብዘይነውጺን ሓርጎጽጎጽን እትንሳፈፍ መርከብ ጌሮም ዘቕረብዎ ኣየቅረበን። እኺ ድኣ ኣብ ስራሕ ንዝራኣዮ ዝነበረ ጉድለታትን ሕጽረታትን መንግስቲ ዝሕመዮን ኪእርምን ኣቶ ኢሰያስ ስለዝሓበሮ፡ ኣብ መዝገብ ጽልእን ቅርሕንትን ኣቶ ኢሰያስ ዝሰፈረ።

ጀነራል ዑቕበ፡ ሕልንኡ ስለዘይቀሰነ'ዩ ናብ ኣቶ ኢሰያስ ደብዳቤ ዝጻሓፈ። ንሱ ኣብ ደብዳቤኡ እጠቅስ '...ካባይ ጀሚርካ ኩሉ ኣብ ዝለዓለ ቦታ ናይ ሓላፍነት ዘሎ ዝዛረበሎምን ዝሓምየሎምን ብምዃኖም እናብኣሰ ይኸይድ ብምህላውን ነዚ ክቡር ህዝብናን ሃገርናን ድሕሪ'ዚ ኩሉ መስዋእትን በደልን ኣደራዕን ናይ ጸላእቲ፡ ብሰላምን ብስኒትን ክነብር፡ ሕማቕ ናይ መራሕቲ ከይሰምዕን መፍቶ ጸላእቲ ከይንኸውን ምእንቲ ንኹሉ ብዕቱብ ርኢኻ ፍታሕ ከምትገብረሉ እምነተይ

እዩ፡.....” ኢሉ ድሕሪ ምብራህ እቶም ክእረሙ ኣለዎም ተባሂሎም ዝሕመየሎም ዛዕባታት ዘርዚሩ ንኣቶ ኢሰያስ ብደብዳቤ ሰዲድሉ።

ስዒቡ ዝቀጸለ፡ ንክትኣምኖ ዘጸግም መልሲ ኣቶ ኢሰያስን መርገጺ ጀነራል ዑቕበን ነበረ። ነቶም ዝተጠቕሱ ጉዳያት ንምእራሞም ይኹን ንምግምጋሞም ዝምልከት ዝተራእ ምዕባሌታት ስለዘይነበረን እቲ ጉዳይውን እናዓበየ ስለዝመጸ ጀነራል ዑቕበ ከም ኣባል ባይቶን ሚኒስተርን ንሃገር ይጠቅም ዝበሎ ርእይቶ ከቕርብን ኪእርምን ሓላፍነቱ ዘገድዶ’ውን ስለዝኾነ፡ ኣብ ቀጺሉ ዝተገብረ ኣኼባ ነቲ ጉዳይ ኣልዒልዎ። እቲ በብጊዚኡ ምስ ኣቶ ኢሰያስ በዚ ብዝምልከት ዝጸሓሓፍዎ ዝነበሩን፡ እቲ ምስ 09 ዝታኣሳሰር ብጸጥታ ዝተካየደ ምርመራን ዝተዋህበ መልስታትን ብዝርዝር ናብ ባይቶ ኣቕሪብዎ። ነዚ ጉዳይ እትከታል ኮሚተ ድማ ቆይማ። ኣቶ ኢሰያስ፡ ዘለኻ ክሲ ክትሸፋፍን ኢኻ፡ ኣይቀሰንካን፡ እንዳበለ ንዝነበረ ክስታት ናይ 09 ኣምጽኡ ከፈራርሖ ድሕሪ ምፍታን ኣብ ውርሒ 2 2000 ካብ ሓላፍነቱን መዓርጉን ከምዝታኣለየ ዝገልጽ ደብዳቤ ላኣኽሉ። ነዚ ጉዳይ እተጻሪ ሓንቲ ሽማግለ ኪትቀውም ብባይቶ ውሳኔ እንተተዋህበ’ኳ፡ ካብ ሕግን ኣገባብን ወጻኢ ብስም ፍሉይ ቤት ፍርዲ ንጀነራል ዑቕበ ዝውንጅል መግለጺ ኣብ ጋዜጣ ክምዝወጽእ ተጌሩ።

ጀነራል ዕቕበ ኣብርሃ ዘቅረቦም ሕቶታት ኪምለሽሉን ጉዳዩ ብሕጊ ክረኣን እናተጸበየ እንከሎ’ዩ እምበኣር ብዕለት 18 ምስከረም 2001 ዓ.ም ምስ ካልኦት 10 ኣባላት ባይቶ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣቱ ተጌሩ። እቲ ብውሽጣዊ ሕማም ኣዝማ እናተሳቀየ እንከሎ ሓሚመ ከይበለ ነቲ ኣደራዕ ገድላዊ ጉዕዞ በረኻ እናወደቀን እናተንሰኣን ብርሃን ናጽነት ዘውሓሰናን ድሕሪ ነጻነት’ውን ኩነታት ጥዕንኡ ስለዘይተመሓየሸ በብግዚኡ ንሕክምና እናተመላለሰ ከይተሓለነ ዝተጋደለ ጀግና ጀነራል ብዓመጽቲ ተዳጉኑ።

ጀግናስ፡ ግርማ ኣስኒቕካ፡ ካባ ኣልቢስካ፡ ዘውዲ ኣድፊኢካ ኣብ ዙፋነ ወንበረ ኣበርኸ ኣቢልካ ትሰቅሎ እምበር፡ ከም ፍልሖ ኣብ ባዓቲ ወይ ጎዳጉዲ ትሕቲ መሬት ክበልስ እንታይ ይባሃል? ኦ.. ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝባኑ ብዕርቂ ከብዱ ብጥምዩ ኣለኹልካ ዝበልኻዮ ጀግና መሬት ምስጻሓየ ንዓኻ ደው ብምባሉስ ጠሊምካዮ? ንሱ ድኣ ቀድምውን ንዓኻ ንህዝቢ ኤርትራ እኻ’ዩ ሞሮር ዝሰፈረ። ድሕሪ ናጽነትውን ከይሰልከዮ ‘ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ነተኣታቱ፡ ሃገራዊ ድሕነትን ሰብኣዊ ክብሪን ብፍትሓዊን ቅዋማውን መገዲ ይኪድ፡ ቅዋማዊ ኣሰራርሓ ከነተኣታቱ ይሕሸና’ ኢሉ ስለ ዝተዛረ መእተዊኡ ከይተፈልጠ ሃፈፉስ ገለ ከይበልካ?

ኦ... ሓርበኛ ተጋዳላይ.. ጀነራል ዑቕበ እኳ ሓደ ካብቶም ንዓኻ መሪሖም መደራጋሓ መስገደልን ኣደራዕን ምሳኻ ኮይኑ ዝመከተ ጀግና እኳ’ዩ። ከመይ ጌርኻ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቅ ሳሕል፡ ውቃው እዚ ትርስዖ? ኣብቲ ደብዛዝ ስዓትኳ ካብ ጎኑ ከይተፈለካ ምስኡ ሓቢርኻ ዝተረባረብካስ፡ ከመይልካ ‘ዳ መሬት ምስ ጸሓ ከምዘይትፈልጦ ዝባንካ ዝሃብካዮ? እንታይ ምስተረኽበ ድኣ’ዩ ሃገር ክሸይጥን ምስ ሲ.ኣ.ኤ. ተማሻጢሩ ሃገር ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ተባሂሉ ብዘይፍርዲ ማዓርጉ ተቀንጢጡ መእተዊኡ ኣብ ዘይፍለጥ ዝተሸረበ እልኻ ዘይሓተትኻ?

ኣንታ ገርሂ፡ ለዋህን ጀግናን ህዝቢ ኤርትራ፡ እወ.. ንስካ!! እቲ ንበሊሕ መላጸ ሰጊርካ ምድሪ ቤትካ ዘጽረኻ፡ ብደምኻ ደምበኻ ዝሓጸርካ ዘይትጻዓድ ህዝቢስ ህድሞኻ ምጽራይ ክኸብደኻ? ኣብ ናሕስኻ ኮይኖም ዘወጣውጡልካን ሰላም ዝኸልኡካ ወይጦታት ምጽዳፎም ከመይ ይጽግመካ? መንፈስ እቶም ንራህዋካን ንመሰልኻን ዝተንስኡሞ ከምሰይናትኻ ዝጠለምዮምን ‘ይታኣስሩ’ ‘ይረሸኑ’ እልካ መጋበርያ እቶም ዓመጽትኻ ዝገበርካዮም ጀጋኑ ኣየቅስነካን'ዩ። ኣይከደቅሰካን ድማ'ዩ። እምበር ንሶም ድኣ ክጥዕመና ኢሎም ይሓስቡ ኔሮም እንተትኮኑ ከምዚ ሕጂ እቶም ጠላማት ብጾቶም ዝገብርዎ ዘለው ‘እሺ ሕራይ፡ እወ ልኸዕ’ እንዳበሉ ምንባር ማዓስ ከቢድዎም። የግዳስ ህዝብካ ዓሚጽካ፡ ሕልናኻ ሸጥካ ንዓይ ጥራሕ ምባል፡ ዘይባህልናን ዕላማ እቲ ዝተቃለስሉ ስለ ዘይኮነ ኣይመረጽዎን። ኦ…ህዝቢ ኤርትራ፡ነዞም ጀጋኑ ኣይኮናን ጠሊምና። እንታይ ድኣ፡ ንራኢና፡ ንብሩህ ጽባሕና፡ ንመጻኢ ወሎዶናን ንባዕልናን ኢና ጠሊምና። እምበር ንሶም እቶም ጀጋኑ ሓርነትን ሃዋርያ ዲሞክራስን ድኣ ንነብሶም ቀደም እንድዮም መኒኖማ።

ጀግና ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃን ብጾትን እንሆ 5 ዓመቶም ፍልሖ ድዩ በሊዑዎም፡ ወይስ ከም ሓደገኛ ፍጥረት ተቆጺሮም ሰብ ኣብ ዘይፈልጦ ባዓቲ ተዳጉኖም ይርከቡ። ህዝቢ ኤርትራ፡ እዞም ጀጋኑ ሃዋርያ ዲሞክራሲ ዝኾኑ ጀጋኑ፡ ንምንታይ ኣብ ፍርዲ ዘይቀርቡ? ንምንታይ ድሃይ ሃለዋቶም ንህዝቢ ዘይሕበርን ካልኦት ብዙሓት ‘ንምታያትን’ ኣልዒሉ ሆ… እንብለሉ ግዜ ሕጂ እዩ። እዚ ኩሉ ዝተጋደልካ ጠለባትካን ርእይቶካን ብነጻ ንዘይትገልጸሉ እንተኮይኑ ካላእ ይጋደሎ፡ ብኻ ተሪፉኻ። ከምቲ ጀግና ሚኒስተር/ጀነራል ዑቕበ ኣብርሃ ዝበሎ ‘ፍርቂ ዕድመይ ዝተቓለስኩሉ ገድሊ፡ ርእይቶይ ብነጻ ከቕርብ ዘይክእለሉ ስርዓት ንምትካል ኣይነበረን ኢለ ስነዝኣምን'የ’ ዝበሎ ናትኻ ገድሊውን ንኸንቱ ከይከውን ሓደራ ተላዓል፡ ‘ኣበይ ኣለው እዞም ሓዋርያ ለውጢ ጀጋኑና’ ኢልኻ ሕተት።

ፈታውኩሉ
ኻብ ደቡብ ኣፍሪቓ